## ብኸመይ ኮረና ቫይረስ ኣብ ኣብያተ ክርስትያናትን ሆስፒታላትን ደቡብ ኮርያ ከም ዝተላብዓ

**ብኸመይ ጀሚሩ**

መጀመርታ እዚ ቫይረስ ተራእዩ ምስ ተባህለ: ኩሉ ሰብ ከም ንቻይና ጥራሕ ዝምለከት ሕማም ጠሚቱ ኢዱ ኣጣሚሩ ኢዩ ዝዕዘብ ኔሩ። ምንም' ኳ እዚ ሕማም ኣብ ዉሃን ዝተባህለት ሓንቲ ከተማ ናይ ቻይና: ኣብ ዕዳጋ እንስሳታት ዓሳን ጨራሩን ይጀምር እምበር: እንሆ ንዓለምና ኣብ ኣስጋኢ ዝኾነ ኩነታት ሸሚምዋ ይረከብ ኣሎ። ሰበ ስልጣን ዓለምና ዝሕዝዎን ዝጭብጥዎን ጠፊእዎም: ዝወስድዎ ስጉምታት እውን ድንግርግር ዝበሎም ይመስል ኣሎ። ብኣንጻሩ እታ ብማዕዶ ኢዶም ኣጣሚሮም ከም ፊልም ዝዕዝብዋ ዝነበሩ ቻያና: ኣድላዪ ዘበለ ሱጉምቲ ብምውሳድ ነቲ ሓማም ካብ ምልባዕ ኣብ ሃገራ ዝግ ኣቢላቶ ትርከብ ኣላ:: ብኣንጻሩ ኣብተን ተዓዘብቲ ሃገራት ብናህሪ ይላባዕ ኣሎ።

**እስከ እቲ ሕማም ኣብ ኮርያ ብኸመይ ኣስፋፊሑን ንርአን ንመሃርን**

ኣብ ደቡብ ኮርያ ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን: ኣማኢታት ሰባት በቲ ሕማም ተለኺፎምን እታ ሃገር ናይ ተላጋቢ ሓማም ደረጃ ተጠንቀቕ ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ኣብጺሓቶ ትርከብ። ከምዚ ኣብ ወተሃደራዊ ኣጸዋውዓ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተጠንቀቕ ማለት ኢዩ። እቲ ምግንፋል ሕማም ካብ ክልተ ቦታታት ማለት ካብ <u>ቤተክርስትያን ደይጉን ኣብ ጥቕኡ ዝርከብ ሆስትፒልን</u> ኢዩ ምንጩ። እዚ ሓድሽ ምልባዕ ደድሕሪ እቲ ካብ ዓልምና ዝለዓለ ብዝሒ ህዝቢ ዘለዋን መቦቆል እዚ ሕማም ዝኾነትን ቻይናዩ ንደቡብ ኮርያ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ሰሪዕዋ ይረከብ። እቲ ቫይረስ መጀመርታ ብዕለት 20 ጥሪ 2020 ኢዩ ኣብ ደቡብ ኮርያ ኣብ ሓንቲ ጋል 35 ቻይናዊት ካብ ከተማ ዉሃን -ቻይና ዘመጸት እዩ ተረኺቡ። ኣታ ቻይናዊት ናብ ሃገረ ደቡብ ኮርያ እትው ምስ በለት ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ምስ ሰብ ክይትራኸበት ኣብ ሓደ ቦታ ከም ትንጸል ኢያ ኮይና። ድሕሪ እዚ ተረኺቦ ደቡብ ኮርያ ንኣርባዕተ ሰሙን ነቲ ሕማም ካብ ምልባዕ ክትቃጻጸሮ ክኢላ ኔራን በዚ ሕማም ዝተለኽፉ እውን 30 ሰባት ጥራሕ በጺሖም ኔሮምን

**እዚ ግና ኣብ ተሓካሚት (Patient) መበል 31 ተቐየረ**

ተሓካሚት መበል 31 ብኸመይ በዚ ቫይረስ ከም ዝተለኽፈት ንጹር ሓበሬታ የለን፣ ቅድሚ ቅሩብ መዓልታት መርመራ ምግባራ ናብ ብዙሕ ሰብ ዝርከቦ ከተማ ዶግዩን ናብ ዋንን ከተማ ደቡብ ኮርያ ሲዮል ተጋዒዛ ኔራ።ብዕለት 06 ለካቲት ኣብ ከተመ ዶግዩ ቀሊል ናይ ማኪና ሓደጋ ኣጋጣማ እሞ ናብ ሓደ ናይ ምብራቕ ሕክምናዊ ሆስፒታል ብምኻድ ሕክምናዊ መርመራ ኣካየደት።ኣብ ምክትታል ሕክምና ኮላ ኸኣ ኣብ ጨንፈር ሺንንቾንጂ ቤተክርስትያን ናይ ኢየሱስ ብዕለት 09 እንደገና እውን ብዕለት 16 ለካቲትን ከም ዝተሳልመት ትሕብር።

ኣብ ሞንን እዚ ብዕለት 15 ለካቲት ዶክተራት ናይቲ ሆስፒታል ምስ እዚ ዘለኪ ረስኒ፣ ናይ ኮረና ቫይረስ መርመራ እንተገበርኪ ጽቡቕ ኢዩ ኢሎም ኣተሓሳሰብዎ። ኣንተ ኾነ እታ ሰበይቲ ኣብ ክንዲ መርመራ ትገብር ናብ ሆተል ምስ ዓርካ ክትምሳሕ ኣምረሓት። ብኣንጻሩ ኮር ተገልበጥ ኢዩ ነገራቱ፥ ምስ ናይቲ ቦታ ጋዜጣ ኣብ ዝገበረቶ ቃለ መጠየቕ ዶኣትር ክትመርመር ዝሃብዋ ምኽሪ ኣሉታ ሂባትሉ። እንተ ኾነ እቲ ምልክታት ናይቲ ሕማም እንዳ ገደደ ስለ ዝኸደ ዶኣትር እንደገና መርመራ ክትገብር ከም ዘለዋ ሓበርዋን ተማሕጸንዋን። ብዕለት 17 ለካቲት ናብ ካልእ ሆስፒታል መርመራ ክትገብር ከደት። ንጽባሒቱ ሰበ ስልጣን ጥዕና ተሓካሚት መበል 31: በዚ ቫይረስ ከም ዝተለኽፈት ኣርጋገጹን መግለጺ ሃቡን። ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልታት ክኣ ኣማኢታት ሰባት ኣብ ቤተክርስታይን ሺንንቾንጂ ከባቢኣን ዝነብሩ ሰባት: በዚ ሕማም ከም ዝተለኽፉ ተረጋገጸ።

ሰበስልጣን ማእከል ምክልኻልን ምቁጽጻርን ሕማማት ኮርያ: ቀዳም ናይ 9,300 ሰባት ሊስታ ወይ መዝገብ ኣብ ክልተ ቤተ ክርስትያን ሺንንቸንጂ ዝተሳለሙ ተረከቡ። ካብዚኦም 1,200 ዝኾኑ ናይ ስዓል ምልክታት ከም ዝተራእዮም ጥርዓን ኣቕረቡ። ካብዚኣቶም ኣማኢታት በዚ ቫይረስ ከም ዝተለኽፉ ተረጋገጸ።

እቲ ካልኣይ ምንጪ ናይ እዚ ቫይረስ ብብዝሒ ምልባዕ ካብ ሆስፒታል ቸንግዶ: ኣብ ጥቓ ደይጉ ትርከብ ምምሕዳር ኢዩ። ሰበ ስልጣን እቲ ቦታ: መርመራ ኣብ ኣባላት ቤተክርስትያን ደይጉን ኣብ ሆስፒታልን መቓብርን ኣብ ሞንጎ ዕለት 31 ጥሪን 2 ለካቲትን ዝተሳተፉ ይካይዱ ኣለዉ። እንድሕር ተረጋጊጹ ተሓካሚት መበል 31 በቲ ሕማም ዝተለኸፈት ምንጪ ናይ ክሊትኡ ብብዝሒ ዝተልኽፉ ክትከውን ትኽእል ኢያ። ኣብ ደይጉን ቸይንግዶን ምምሕዳር በዚ ሕማም ዝተጠቕዑ 80% ካብ መላእ ሃገረ ደቡብ ኮርያ ኢዩ።

ሰበ ስልጣን እቲ ከባቢ ተሓካሚት መበል 31: በዚ ሕማም ዝተለኸፈት ሰብ ነዚ ሕማም ብኸመይ ከም ዘላብዓቶ ክሳብ ሕጂ ኣብ መርመራ ይርከቡ። ኣብዚ ቀራባ እዋን ካብቲ ሃገር ወጻኢ ከም ዘይገሸትን በዚ ሕማም ዝተጥቕዑ ሰባት ዝተፈልጠ ርክብ ከምዘይነበራን ተረጋጊጹ ኣሎ።
ዳርጋ ኩለን ኣውራጃታትን ዓበይቲ ከተማታትን በዚ ሕማም ገለ መልከፍቲ ከም ዘለዎን ተረጋጊጹ ኣሎ። እንተ ኾነ ደይጉ ኣታ ቤተክርስትያን ዘለታን ኣብ ጥቕኣ ዘላ ግይንብጉክ ብብዝሒ ዝተለኽፉ ዘለወን ቦታት ደቡብ ኮርያ ኢየን። ሲዮል ርእሰ ከተማ ደቡብ ኮርያ ልዕሊ 25 ሚልዮን ህዝቢ ይርከባ፣ ብዚ ሕማም ካብ ዝተለኽፉ ቅጽሪ ኣብታ ሃገር ካብ ዘለዉ ግና ዝዋሓደ እጃም ሒዛ ትርከብ። ለብዳ ሕማም ኮረና ቫይረስ ኣብቲ መጀመርታ ብቕልጡፍ ዝላባዕ ሕማም ኢዩ። ኣገዳሲ ዝበሃል ስጉምቲ እንተ ዘይተወሲዱ ካብ ሕብረተሰብ ሓሊፉ ንመላእ ሃገር ክላባዕ ግዜ ዘይድልዩ ተላጋቢ ሕማም ኢዩ።

**ውሳኔ ኣብነታውያን ቤተ-ክህነታት ኣብ ቶሮንቶ**

**ኣብዘን ዝሕለፉ ቁሩብ መዓልታት: ዝበዝሓ ቤት ጸሎታት ናይ ኤርትራውያን ኣብ ቶሮንቶ ምኽርን ማዕዳን ከኢላታት ጥዕናይ ናይ መንግስቲ ኣካላትን ብምኽባር ቤት ጸለቶን ክዓጽዋን ንድሕነት ሕብረተሰበንን ተገልገልተንን ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስዳን ተራእየን ኣለዋ። ንኣብነት** ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን: ናይ ካተሊካዊት ቤተ ክርስትያን ክቡር ካርዲናል ቶማስ ሊቀ ጳጳስ ቶሮንቶ: ሓደ ዓዋዲ መልእኽቲ ናብ ኩለን ቤተክርስትያናትን ህዝብን መምርሒ ኣተሓላሊፎም ኔሮም። ንሱ ኸኣ ንሰንበት ቅዳሴ ክውንዘፍ ከም ዘለዎ ዝእዝዝ ኢዩ፥ ንሶም ኣብ መልእኽቶም: ኣብዚ ውሳኔ እዚ ዝበጽሑ ካብ መምርሒ ናይ ኣውራጃ ኦንታርዮ ሰብ ስልጣን ጥዕና ብምብጋስ ኢዮም፤ ሰበ ስልጣን ጥዕና ኩሉ ኣኼባ ናይ ህዝቢ ልዕሊ 250 ንግዚኡ ክውንዘፍ ከም ዘለዎ ሓቢሮም ኣለዉ።ብ**መ**ሰረት እዚ መምርሒ ናይ ሰበ ስልጣን ጥዕና ኢዩም ናብዚ ውሳኔ ናይ ቅዳሴ ምውንዛፍ በጺሖም።

ንሕና ኤርትራውያን ከ ኣብዚ እዋን እንታይ ክንገብር የድልየና? ኢድና ኣጣሚሩና ዲና ክንዕዘብ ወይስ ምስ ሰበስልጣንንን መራሕቲ ሃይማኖትን ለባማትን ተዋሃሂድና ኣድላይ ዘበለ ስጉምታት ምውሳድ ከድልየና ኢዩ።ኣምላኽ ኣእምሮን ፍልጠትን ዝሃበና ቅኑዕን ንገዛእ ርእስናን ንህዝብናን ክንውስነሉን ክንሰርሓሉን ኢዩ።

ሚኪኤል ኤልያስ